## ንስእሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝደወነን፡ንድኽነትን ስደትን ዘቃልዓናን ዲፕሎማሲ ክቕየር ኣለዎ

### ክፍሊ ዜናን ባህልን
### ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ
### 18.02.2009

ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዝተቓተሉ ብሽምግልናን ብመውስቦን ዝዓርቕ፤ ንወዲ ሰብ ዘንኣእስ ጸርፊ ዝጸረፈ ዝቐጽዕ፡ ቀባሮ ክኸዱ ርእየ ኢሉ ዝቐብር፤ ዝባን መንግስቲ ተባሂሂሉ ብዘይ ፖሊስ ናብ እንዳ ዳኛ ዝበጽሕ፡ ሰርሒኡን ጫሕኩሩን ብጽፍሩ ዝነበርን ከብዱ ብጥሙዩ ንደቁ ከምህር ዝፈቱን ህዝቢ ኢዩ። ብሓጺሩ፡ ህዝቢ ኤርትራ፡ ደላይ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ልምዓት፡ ኣኽባሪ ሕግን ሰብኣዊ ክብረትን ኢዩ ክበሃል ይከኣል። ናይ መንግስቲ ኤርትራ ፖሊሲ ድማ፡ ነዚ ናይ ህዝብና ባህሊ፡ ኣተሓሳባ፡ ድሌት፡ ባህርን ራእይን ዘንጸባርቕ ኢዩ ክኸውን ዝግብኦ። ከምʼዚ ዝዓይነቱ ፖሊሲ፡ ንቱሪዝም፡ ወፍሪ ርእሰ-ማል፡ ናጻ ምንቅስቓስ ናይ ሰብን ኣቑሑን ንግድን …ወዘተ ዘተባብዕ ስለዝኾነ፤ ንልምዓትን ዕብየትን ናይ ዝኾነት ትኹን ሃገር ኣወንታዊ ኣበርክቶʼዩ ዝገበር።

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ዝኽተሎ ዘሎ ዲፕሎማሲ ግን፡ ንናይ ህዝብና ሓቀኛ መንነትን ባህርያትን ብሰንጣቕ ዝጻረር ኢዩ። ኣብ ጽልኢ፡ ባእሲ፡ ዓመጽ፡ ንዕቀት፡ ህልኽን ተገላባጢ ባህርያትን እተሰረተ፡ ንግዝኣተ-ሕግን ፍትሕን ሰላምን ዝጻረር ዲፕሎማሲ ኢዩ። እዚ ዲፕሎማሲʼዚ፡ ካብ ባህርያት ናይ ኢሳያስን ንሱ ዝመርሖ መንግስትን ዝምንጩ ደኣʼምበር፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓቀኛ መግለጺ ኣይኮነን። ከም ውጽኢት ናይʼዚ ዲፕሎማሲʼዚ ድማ፡ ሃገርና ኤርትራ፡ ምስ ኵለን ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ረጽሚ ኣትያ፤ ህዝባ ኣደዳ ህልቂትን ስደትን ድኽነትን ጥሜትን ኰይኑ።

ስርዓት ኢሳያስ ናቱ ገዲፉ፡ ንጐረባብቱ፡ ንሓድነት ኣፍሪቃ፡ ንኢጋድ፡ ንምትሕግጋዝ ፎረም ሰንዓ፡ ንዓረብ ሊግ …ወዘተ ከቔናጽብን ብኦኦም ከሽካዕልልን፤ ካብʼዚ ሓሊፉ ውን፡ ንሃገራት ምዕራብ ክጸርፍን ክጐጥን ተራእዩን ተሰሚዑን። ምስ ኣመሪካን ሃገራት ምዕራብን ብምትህልላኽ፡ ናይ ሰብኣዊ ማሕበራት ንጥፈታት ኣብ ኤርትራ ከይካየድ ኣጊዱን ንለገስቲ ማሕበራት ኣባሪሩን። ኣባላት ኤምባሲታተን ብዘይ ፍቓድ ካብ ኣስመራ ወጻኢ ከይንቀሳቐሱ ኣጊዱ። ሰራሕተኛታት ኤምባሲታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣሲሩን ኣባሪሩን። ናይ ወጻኢ ጋዜጠኛታት ኣብ ኤርትራ ከይኣትዉ ከልኪሉ። ንገለ ሃይማኖታዊ ትካላት ናይ ደገ መሳርሒ ኢዮም ብዝብል ክሲ ከይነጥፉ ከልኪሉን ንኣባላተን ኣደዳ ማእሰርትን ስቅያትን ገይሩን።

ከም መርኣያ ናይ ተጋላባጥን ተሰልባጥን ፖሊሲታቱ፡ ነቲ፡ ንጸጥታ ኤርትራ ዝዝርግ ኣይድዮሎጂ ኤክስፖርት ዝገብር፣ ንስርዓት ኢሳያስ ንምዕላው ዝሕልን ኢሉ ዝኸሶን፣ ምስኡ ንዝነበሮ ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ብ1994 ኣቋሪጹ ምስ ዝነበረ መንግስቲ ሃገራዊ ጒባኤ ሱዳን ምዉቕ ዝምድና ክፈጥርን፤ ንተቓወምቲ መንግስቲ ሱዳን ከምዝድግፍን ዘዕቁብን ከምዘይነበረ ኣንጻሮም ክዛረብ ይስማዕን ኣሎ። ኣብʼዛ ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ኤሪ-ቲቪ ዝገበራ ቃለ-መሓትት፡ መንግስቲ ደቡብ ሱዳን ነቲ ዝተዋህቦ 8 ቢልዮን ዶላር ብኸንቱ ኣባኺንዎ ኢሉ ክኸስስ ከም እተሰምዐ ውን ዝዝከር ኢዩ። እዚ ድማ፡ መርኣያ ተጋላባጢ ባህርያቱን ዲፕሎማሲኡን ኢዩ።

ኣብ ዲፕሎማስያዊ ዓለም “ነባሪ ረብሓ እምበር፡ ነባሪ ዕርክነት የለን” ዝብል ልሙድ ኣብሃህላ ስለዘሎ፤ ስርዓት ኢሳያስ ዕርክነቱ እንተቐያየረ እንታይ ነውሪ ኣለዎ ዝብሉ ኣይሰኣኑን ይኾኑ። ግን፡ እቲ ሕቶ፡ እቲ ነባሪ ረብሓ ክበሃል እንከሎ ናይ ህዝቢ ረብሓ ማለት ድኣʼምበር፤ ናይ ኢሳያስን መጋበርያታቱን ረብሓ ወይ ናይ ዝኾነ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጒጅለ ረብሓ ማለት ከምዘይኮነ ክበርሃሎም ይግባእ። ንናይ ህዝብኻ ረብሓ ንምርግጋጽ ተዓጻጻፊ ፖሊሲታት ክትወስድ ሕጂ ውን ቅቡል ኢዩ። ንረብሓ ናይ ህዝቢ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱን ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጒጅለ ዘኽስብን ምቅይያር ናይ ዕርክነት ግን ክኸውን ኢዩ ዝግባእ።

ስለዝኾነ ድማ፡ ንስእሊ ሃገርናን ህዝብናን ዝደወነ (ኣባላሸዩ) ንድኽነት ዘቃልዐን ናይ ኢሳያስን ጉጅለኡን ዲፕሎማሲ ክቕየር ኣለዎ። ዲፕሎማሲ ክቕየር፡ ብቐዳምነት እቲ ነቲ ግጉይ ፖሊሲታት ዘሳጉም ዘሎ ስርዓት ክቕየር ኣለዎ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንዲፕሎማስያዊ ፖሊሲታት ኣመልኪቱ ኣብ ቀዳማይን መስራትን ጉባኤኡ ዘጽደቖ መደብ ዕዮ ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ ዝብል።

ምስ ዝኾነ ይኹን ሃገር ዝህልወና ዝምድና ሓባራዊ ረብሓ ንምዕዋት ኢዩ። ብፍላይ ምስ ጐረባብትና ሃገራት ዝህልወና ዝምድና ንናይ ሓባር ዕብየትና ኣገዳሲ ግደ ክጻወት ዝኽእል ኢዩ። በዚ ምኽንያት፡ ልዑላውነት ክልቲኡ ኣኽቢርና፡ ኣብ መንጐ ናይ ሕድሕድ ውሽጣዊ ጉዳያት ከይተኣታተና፡ ንሰላምን ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየትን ብሓባር ክንሰርሕ ይግብኣና። ሰልፍና ነቲ ተጻባኢ ግጉይ ወጻኢ ቅዋም ህልው ስርዓት ኤርትራ ጨሪሱ ብምስራዝ፤ ምስ ጐረባብቲ ህዝብታት፡ ኣብ ሓባራዊ ረብሓን ምርድዳእን ዝተሰረተ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ፖሊሲ ክኽተል ኢዩ። ምስ ርሑቕ ዓለም ዝህልወና ዝምድና ውን ከምኡ፣ ኣብ ሓባራዊ ረብሓ እተሰረተ'ዩ ክኸውን። ብፍላይ ድኽነትን ድንቁርናን ሕማማትን ንምቍጽጻርን ንምስዓርን፤ ንጽጉም ህዝቢ ዓለም ንምርዳእን ዝግበር ዓለማዊ ምንቅስቓስ ምስ መሰረታዊ ዕላማና ስለዝተኣሳሰር፡ ብምሉእ ዓቕምና ክንተሓባበሮ ኢና። እቲ ንሃገርና፡ ካብ ዓለም ነጺሉ፡ ኣንጻር ሃገራዊ ረብሓታትና ዝሰርሕ ዘሎ ግጉይ ቅዋማት መላኺ ስርዓት ጨሪሹ ክሕከኽ ኢዩ።

1. ኵሉ እንገብሮ ዝምድናታት ወጻኢ፡ ንሓባራዊ ረብሓን ልዑላውነት ሕድሕድን ዘኽበረ ክኸውን ኢዩ፤

2. ምስ ፕሮግራምና ዘሳኒ ፕሮግራም ዘለወን ዞናውን ኣህጉራውን ሰልፍታት፡ ጥቡቕ ሕውነታው ዝምድናታት ከምዝፍጠርን ከምዝምዕብልን ምግባር፤

3. ኣብ ዞናና፡ ሰላምን ቅሳነትን ሓባራዊ ምጣነ-ሃብታዊ ዕብየትን ብምድግጋፍ ክረጋገጽ ምቅላስ፤

4. ኵሉ ዓለም ለኻዊ ውዕላትን ንክኽበር ምጽዓር፤

5. ንሽግራት እንፈትሓሉ ቀንዲ መሳርሒና ሰላማውን ዲፕሎማስያውን መስርሕ ከምዝኸውን ምግባር፤

6. ምስ ዝኾነት ሃገር ዝግበር ንግዳዊ ውዕላት ፍትሓውን ሃናጽን ክኸውን ምቅላስ፤

7. ኣንጻር ዝኾነ ይኹን ዓሌታዊ ኣድልዎን ጭቆናን ዝቃለስ ፖሊሲ ምኽታል፤

8. ብደረጃ ዓለም ንዝካየድ ጸረ ድኽነትን ሕማምን ድንቍርናን ዝቃለስ ምንቅስቓስ ምድጋፍን ንምዕዋቱ ብዓቕምና ምጽዓርን።